ብዘየገድስ ናይ ሰራሕተኛታት ናይ ኢሚግረሽን ኩነታቶም እዞም ሕግታት ንሰራሕተኛታት ይከላኸሉ። ሽፈነ ዘለዎም ኣስራሕቲ ምስ እዞም ሕግታት ክምእዘዙ ይግባእ። ሕነ ምፍዳይ ክልኩል እዩ።

**ኣብ ተግባር ዝውዕለሉ ዕለታት ይፈላለ፡ ካብ 1 ሓምለ 2020 ይጅምር**

ተልእኾ ናይ ቤት-ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ (Office of Labor Standards (OLS)) ምምዕባል ደረጃታት ዕዮ ብመንገዲ ዝተማህረ ኮምን ኣብ ንግዲ ብምጽማድን፡ ናይ ምምሃዝ ፖሊሲ ብምምዕባል ንውድድርን ማሕበራዊ ፍትሕን ምውፋይ።

እዚ ፖስተር ኣብ ቦታ ስራሕ ብእንግሊዝን ብሰራሕተናታት ዝዛረብዎም ቋንቋ ወይ ቋንቋታት ኣብ ዝረአ ቦታ ክስቀል ይግባእ። ቤ/ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ናይ ቋንቋ ምብራህን ምትርጓምን ከምኡ'ውን ንሰንኩላን መጣጥሒ የቕርብ።

# ንሰራሕተኛታት ናይ ሆቴል ሓበሬታ ናይ መሰላት 2026

## ምክልኻል ካብ መጥቃዕቲ

**ንሰራሕተኛታት ካብ መጥቃዕቲ ወይ ብኣጋይሽ ዝግበር ግፍዒ ይከላኸል**

**እዚ ንመን ይምልከት?**

ኣብ ናይ 60 ን ልዕሊኡን ክፍልታት ናይ ዘለዎም ሆቴላት ብሰዓታት ዝዓዩ ሰራሕተኛታት

**ሰራሕተኛታት እዚ መሰል ኣለዎም፥**

- ናይ ራዕዲ መጠወቕ፡ እዚ ከኣ ኣብ'ቲ መደቀሲ ክፍሊ እናሰርሑ ወይ ናብ ናይ ጋሻ መደቀሲ ክፍሊ እናብጽሑ
- ካብ ናይ ሆቴል ኣጋይሽ ዝወርድ ተግባር ናይ መጥቃዕትን ግፍዕን ክሕለው
- ናይ ኣጋይሽ ናይ መጥቃዕትን ግፍዕን ተግባር ንኣስራሒ ምሕባር
- ኣብ ናይ ሓደ ጋሻ ክፍሊ ክሰርሑ ወይ ከብጽሑ ከይምደቡ እዚ ከኣ እንተዳኣ እዚ ጋሻ ብናይ መጥቃዕትን ግፍዕን ተግባር ተነጊርሉ እንተድኣ ኔሩ ኮይኑ

ካብ ዝተሰምዐ ናይ መጥቃዕትን ግፍዕን ተግባር ናይ ጋሻ ዝድሓነ ሰራሕተኛ እዚ መሰል ኣለዎ፥

- ናብ ካልእ ዝመረጾ ናይ ስራሕ ቦታ ክምደብ
- ሰራሕተኛ ምስ ዝመረጾም ምስ ናይ ሕጊ ተግበርቲ ወይ ሓገዝ ዝገብረሉ ሰብ ንክዘራረብ ክሳብ 16 ሰዓታት ዝኸውን ዝኽፈሎ ክረክብ
- ምርካብ ዕድል ናብ ማእከል ምንጪ ሓበሬታ ብዛዕባ ወሲባዊ መጥቃዕቲ ናይ ኪንግ ካውንቲ (King County Sexual Assault Resource Center) ናይ ደገፍ ኣገልግሎታት፡ ጸጋታት፡ ከምኡ'ውን/ወይ ከኣ ምውካስ ደውል (24 ሰዓት መስመር)፡ 6423-998-888-1
- ኣብ ዝተመሓየሸ ሕጊ ናይ ዋሽንግተን 7.69.030 ሰፊሩ ዘሎ ምርካብ ጠበቓ ግዳይ ናይ ገበን

## ስራሕ ምዕቃብ

**ድሕሪ ናይ ዋንነት ለውጢ ምኽያዱ ምዕቃብ ሰራሕተኛታት ይጠልብ።**

**እዚ ንመን ይምልከት?**

ኣብ ናይ 60ን ልዕሊኡን ክፍልታት ናይ ዘለዎም ሆቴላት ብሰዓታት ዝዓዩ ሰራሕተኛታት ብውሕዱ ን 30 መዓልትታት እቲ ትካል ቅድሚ ምሻጡ ኣብ'ቲ ሆቴል ምስ ዝሰርሑ። እዚ ንዝደሓኑ፡ ማናጀራት፡ ወይ ገለ ብዛዕባ ኣብ ናይ ምሕደራዊ ፖሊሲታት ናይ ዕዮ ዝምድናታት ኣብ ምውሳን ዝደጋገፉ ሰራሕተኛታት ኣይምልከትን።

**ሰራሕተኛታት እዚ መሰል ኣለዎም፥**

- እቲ ትካል ዋንነት ይልውጥ ከምዘሎ ኣስተውዕል
- ኣብ ናይ ዝመጽእ ዘሎ ኣስራሒ ብጽሑፍ ዝግበር ቀረብ ስራሕ (ብመሰረት ግድምና ዝግበር ቀረባት)
- ናይ ተስዓ መዓልትታት ስራሕ ምስ ሓድሽ ኣስራሒ፡ እዚ ከኣ ንሰራሕተኛ ንምስጓግ ብቑዕ ምኽንያት እንተዘይሃልዩ ወይ ምጉዳል ሰራሕተኛታት ኣድላዪ ምስ ዘይከውን (ብግድምና ምጉዳል)
- ኣብ 90 መዓልትታት ናይ ኣፈጻጽማ ስራሕ ገምጋም

## ናይ ስራሕ ጽዕነት ደረታት

**ክፍልታት ናይ ምጽራይ ጽዕነት ስራሕ የጉድል**

**እዚ ንመን ይምልከት?**

ኣብ ሓደ ሆቴል 100 ወይ ልዕሊኡ ናይ ኣጋይሽ ክፍልታት ዘጽርዩ ብሰዓታት ናይ ዝዓዩ ሰራሕተኛታት

**ሰራሕተኛታት እዚ መሰል ኣለዎም፥**

- ዝልዓለ 4,500 ትርብዒት ጫማ ናይ ኣጋይሽ ሆቴል ኣብ ናይ 8 ሰዓት ንመዓልቲ ዘጽርዩ (ኣቐዲሙ ንውሑድ ሰዓታት ዝተመዘነ)
- ካብ'ቲ ዝተፈቕደ ቦታ ንላዕሊ ምጽራይ ምእባይ
- ካብ'ቲ ዝተፈቕደ ቦታ ንላዕሊ ብሰንኪ ምጽራይ 3 ዕጽፊ ክፍሊት ምርካብ (ኣብ ዝበዝሐ ኩነታት)

## ናይ ሕክምና ክንክን ናይ ምርካብ ዕድል

**ንኣስራሕቲ ናይ ክንክን ጥዕና ወጻኢታት ክገብሩ ይጠልብ።**

**እዚ ንመን ይምልከት?**

100 ወይ ልዕሊኡ ናይ ኣጋይሽ ክፍልታት ዘለዎ ሆቴል ብውሕዱ ገምጋማዊ ን 80 ሰዓታት ወይ ልዕሊኡ ኣብ ወርሒ ዘጽርዩ ብሰዓታት ዝዓዩ ሰራሕተኛታት። እዚ ንዝድሓኑ፡ ማናጀራት፡ ወይ ገለ ብዛዕባ ኣብ ናይ ምሕደራዊ ፖሊሲታት ናይ ዕዮ ዝምድናታት ኣብ ምውሳን ዝደጋገፉ ሰራሕተኛታት ኣይምልከትን።

**ሰራሕተኛታት እዚ መሰል ኣለዎም፥**

- ምርካብ ዝተማሓየሸ ዕድል ናይ ሕክምናዊ ክንክን ብመንገዲ ካብ ኣስራሒ ዝጥለቡ ናይ ክንክን ጥዕና ወጻኢታት
- ኣስራሕቲ እዚ ወጻኢታት ብመሰረት እዞም ዝስዕቡ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ክገብሩ ይኽእሉ፡

(1) ናይ ተራ ኣታዊ ክፍሊታት
(2) ብኣስራሒ ዝምወሉ መደባት ናይ ጥዕና መድሕን ክፍሊታት
ከምኡ'ውን/ወይ
(3) ናይ ግብሪ ሓገዝ ዘለዎም ናይ ጥዕና መደባት ክፍሊታት (ንኣብነት ወለድ ዘለዎ ናይ ጥዕና ኣካውንትታት)

| ምጠናታት† 2026 | |
|---|---|
| **ወርሓዊ ወጻኢ** | **ትሕዝቶ ስድራቤት** |
| 612 ዶላር | ሲንግል/ በይኑ ዝኾነ ሰራሕተኛ |
| 1,043 ዶላር | ሲንግል/በይኑ ዝኾነ ሰራሕተኛ ምስ'ቶም ኣብ'ኡ ዝምርኮሱ ሰባት |
| 1,225 ዶላር | ኣብ'ኡ ዝምርኮሱ ሰባት ዘይብሉ ኮይኑ መጻምዲ ወይ ካልኣዩ ዘለዎ ሰራሕተኛ |
| 1,837 ዶላር | መጻምዲ ወይ ካልኣዩ ዘለዎ ሰራሕተኛ ምስ ኣብ'ኡ ዝምርኮሱ ሰባት |

†ምጠና ናይ ነፍሲ ወከፍ ካላንደር ናይ ዓመት ድሕሪ 30 ሰነ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ኣይግለጹን።

እንተድኣ ኣስራሒ ናይ ጥዕና መድሕን ሽፈነ ቀሪቡ፡ እዚ ሕጊ ኣብ'ታ ኣስራሒ መጀመርታ ክፉት ናይ ምዝገባ ግዜ ዝኸፈተላ ዕለት ድሕሪ 1 ሓምለ፡ 2020 እትኸውን ኣብ ግብሪ ይውዕል።

## ናይ ሰራሕተኛ መሰልካ ፍለጥ

**ሕነ ምፍዳይ ክልኩል እዩ፡** እዞም ሕግታት ንሰራሕተኛታት ብመሰላቶም ብምሕጻሶም ወይ ብምጥቃሞም ካብ ሕነ ምፍዳይ ይከላኸሉሎም።

**ክሲ ናይ ምምስራት መሰል፡** ሰራሕተኛታት ምስ ቤ/ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ (OLS) ብሙኺን ጥርዓን ከቕርቡ ወይ ኣስራሒ ነዞም ሕግታት ምስ ዝጥሕስ ክሲ ክምስርቱ መሰል ኣለዎም።

**ተጻዋዓይ፡**
**OFFICE OF LABOR STANDARDS**

**ኣስራሕቲ**
ምቕሉል ሓገዝ ክረኽቡ ከምኡ'ውን/ወይ ስልጠና ክረኽቡ

**ሰራሕተኛታት**
ምስ ቤ/ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ (OLS) ብሙኺን ጥርዓን ከቕርቡ ወይ ኣብ ቤ/ፍርዲ ክሲ ክምስርቱ

**206-256-5297**
**www.seattle.gov/laborstandards**

810 THIRD AVE, SUITE 375 SEATTLE, WA 98104 | LABORSTANDARDS@SEATTLE.GOV